ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኦፍላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ኣብ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ኣብቲ ወረዳ ንዝርከብ ኣብያተ ፅሕፈት ዝረከብ ኣገልግሎት ዝዉዕል ኣቅሑት ሎት 1 ፅሕፈት መሳርሒ ፣ ሎት 2 ናይ ፅሬት ኣቅሑት፣ : ሎት 3 ናይ ሕትመት ስራሕቲ፣ ሎት 4 ኤሌክትሮኒክስ ኣቅሑት፣ ሎት 5 ናይ ሞተር ሳይክል መለዋወጢ ኣቅሑት፣ ሎት 6 ህንፃ መሳርሒ ካብ ሎት 1-6 ዘሎ በቲ ዘፍር ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ካብ ዘለዎም መቅረበቲ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሚያዝያ 4, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 23, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ኦፍላ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 23, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 በቲ ዘፈር ናይ 2011 ዓም ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎ፤

2 ተመዝጋቢ ተወሳኪ እሴት ታክስ ንምኽኑ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል፤

3 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር ዘለዎ፤

4 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ዝተመዝገቡ ምኽኖም መረዳእታ ወረቀት ምስክር ከቕርብ ዝክእል፤

5 ናይ የካቲት ወርሒ 2011 ዓ/ም ወርሓዊ ሒሳብ ዘወራረድሉ ዲክለሬር ዝገበረሉ መረዳእታ ከቕርብ ዝክእል፤

6 ናይ ጨረታ መከበሪ ንሕድሕድ ምድብ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ ቼክ ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል፤

7 10 ሚኢታዊ ናይ ጨረታ መከበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒአ ወይ ቼክ ጥራሕ ከትሕዝ ዝክእል፤ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝክእል፤

8 እቲ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ጀሚሩ ን 45 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንሕ፤

9 ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ናይ በዓል ዋና ፌርማ:ስምን :ኣድራሻን :ማህተምን ክህልዎ አለዎ፤

10 እቲ ሰነድ ጨረታ ብዘይ ሰርዝ ድልዝ ክምልእ አለዎ፤

11 ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ተባሂሉ ነንብይኑ ብዝተዓሸገ ብክልተ ፖስታ ከቀርብ አለዎ፤

12 ሰዓርቲ እቲ ንብረት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ መፅዓንን መራገፍን ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ኦፍላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ፋይናንስን ምምሕዳር ከምፅኡ ኣለዎም፤

13 ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ኦፍላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ብምምፃእ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ካብ 04/08/2011 ዓ/ም ክሳብ 23/08/2011 ዓ/ም ኣብ ሰራሕ ሰዓት እቲ ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ይከኣል፤

14 እቲ ጨረታ 23/08/2011 ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:30 ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኦፍላ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ይከፈት፤

15 ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ዝርዝር ረቆሒታት ኣብ መምርሒ ጨረታ ምርኣይ ይከኣል፤

16 ቤት ፅሕፈትና ካልእ መማረፂ ተረኪቡ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፤

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0345-510044 /0345-510721 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle